

እነቐርበቦ ዓይነታት ኣገልግሎት ገለልተኛ፣ ወለንተናዊ ምኽሪ፣ ክፍሊት ዘይሕተተሉን ብሞያዊ ምስጢራውነት ዝግዛእ

## ኣብዞም ዝስ ዕቡ ጉዳያት ንሕግዘኩም

ምኽሪ

ሓባርዊ ናይ ዝርርብ መኣድታት ምምእካል፡ ን ኣብነት ምስ መማህራን፣ ምስ ወለዲ፣ ከምኡውን ምናልባት ምስ ካልኦት ኣካላት

ኣብ ትሕዝቶ ዘቕነዑ ትዕዝብተ ትምህርቲ

ምስ ናይ ትምህርቲ፣ ማሕበራን ናይ ሕክምናን መሳለጥያታት ምትሕብባር

ናይ መስርሕ  ምቕጽጻርን ምግምጋምን

ስልጠና ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ

ፍሉይ ተደላይነት ዘለዎም መዓልታትን ስልጠናን

ናይ ስራሕ ጉጅለታት ምስናይ

## ምዝገባ


Regionale Schulberatungsstelle
des Kreises Steinfurt
Tecklenburger Str. 10
48565 Steinfurt

Tel.  02551 69-1579
Fax: 02551 69-1507
rsb@kreis-steinfurt.de
www.kreis-steinfurt.de/schulberatungsstelle


ቤት ጽሕፈት  መዓልታዊ ካብ ሰዓት
8፡00 ቅ፡ቐ ክሳብ ሰዓት 13፡00 ቅ፡ቐ ክፉት እዩ።

ቅጥዒ ምዝገባ ንምርካብ ወይ ድማ ብተለፎን ናይ ምዝርራብ ዕድል ምህላዉ ንምፍላጥ ቤት ጽሕፈት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ድማ፣ ነዚ ሓበሬታ'ዚ ድማ ኣብ ናይ ኢንተርነት መርበብ ሓበሬታና ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብስልኪ ክትረኽቡና እንተዘይክ ኢልኩም፡ ብኽብረትኩም መል እኽቲ ኣብቲ መቐበሊ መልእኽቲ ግደፉ። ብዝቐልጠፈ ግዜ ኸኣ መሊስና ክንድውለልኩም ኢና።


**Herausgeber**

Kreis Steinfurt | Der Landrat
Schul-, Kultur- und Sportamt
Schulberatung
Tecklenburger Str. 10
48565 Steinfurt

Mit freundlicher Unterstützung von der
Schulberatungsstelle Warendorf

Stand: Januar 2021




# ምኽሪ ስነ-ኣእምሮ ቤት ትምህርቲ

ንመማህራን፣ ንተማሃሮ፣ ንወለድን ንሰብ ሞያ ትምህርትን

# Schulpsychologische Beratung

TIGRINYA ትግርኛ

KREIS STEINFURT

# ነዞም ዝስዕቡ ምኽሪ ንልግስ



## መማህራን

ብዛዕባ ናይ ምምሃር ሞያኻ/ኺ ምሳና ክትዘራረበሉ/ብሉ ትደሊ/ልዩ ዶ?

ብዛዕባ ኣተሓሕዛ በዳሂ ባህርያት ናይ ዘለዎም ተማሃሮ ሓገዝ ትደሊ/ልዩ ዶ?

ምምዕርራይ ሰዓታት ስራሕን ውልቃዊ ህይወትን ከተማሓይሽ/ሺ ትደሊ/ልዩ ዶ?

ብዛዕባ ምትብባዕ ትምህርቲ ክትዘራረብ/ቢ ትደሊ/ልዩ ዶ?

## ኣብ ክሊ ስር ዓተ ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰራሕተናታት

ምኽሪ ብዛዕባ ተማሃሮን/ መምሃሪ ክፍልን ትደሊ/ልዩ ዶ?

ምስ መሳርሕትኻ/ኺ ብዛዕባ ስራሕካ/ኪ ሓሳባት ምልውዋጥ ምደለኻ/ኺ ዶ?

ክእለታትካ/ኪ ከተማሓይሽ ምደለካ/ኺ ዶ?

ኣብ ስራሕካ/ኪ  ዕዉት ንኽትከውን/ኮኒ ክሕግዙ ብዛዕባ ዝኽእሉ ኣገባባት ናይ ሓስባት ምልውዋት ከተካይድ/ዲ ምደለኻ/ኺ ዶ?

ብሓባር ክትሰርሕ/ሒ ድልየት ዘለካ/ኪ ኣብ ቤት ትምህርቲ እትሰርሕ/ሒ  ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት በዓል/ቲ ሞያ ዲኻ/ኺ?

ምስ ፍሉይ በዓል ሞያ ኮይንካ/ኪ ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሕለፍካዮ መዓልቲ ስራሕ ክትዘራረብ/ቢ ወይ ክትሓስብ/ቢ ትደሊ ዶ?

## ተማሃሮ

ምስ መማህርትኻ/ኺ (ደቂ ክፍልኻ/ኺ)  ወይ መማህራንካ/ኪ ጸቕጢ ይስመዓካ/ኪ ዶ?

ኣብ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ዝያዳ ክፎኽሰካ/ኪ ይኽእል?

ኣብ ትምህርትኻ/ኺ ብኸመይ ዕዉት ክትከእውን ትኽእል/ሊ?

## ወለዲ

ንወድኻ/ኺ ወይ ንጓልካ/ኪ ኣብ ትምህርቱ/ታ ብኸመይ ክትሕግዞ/ዛ  ትኽእል/ሊ?

ንስኩምን መማህራን ደቅኹኹም ኣብ ትምህርቲ ይዕወቱ ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ንምፍላጥ ብኸመይ ክትከታተሉዎም ትኽእሉ?

ውላድካ ንቤት ትምህርቲ ምኻድ ንኽፈትው ብኸመይ ክትሕግዝ/ዚ ትኽእል/ሊ?

ውላድካ/ኪ ኣብ ትምህርቲ ግዳይ ናይ ምድሃል እንተኾይኑ እንታይ ክትገብር/ሪ  ትኽእል/ሊ?

ንውላድካ/ኪ ዝሰመሞዖ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ክትረክብ/ቢ ትኽእል/ሊ?

## ርእሰ መማህራን

ንቤት ትምህርትኻ/ኺ ዝከውን ሓድሽ ኣገባብ ምስ መሳርሕትኻ/ኺ ክትሻረኽ/ኺ፣ ከተማዕብል/ሊን ኣብ ተግባር ከተውዕል/ሊን ትደሊ/ልዩ ዶ?

ስልጠና ምሓገዘካ/ኪ ዶ?

ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ክፍጠር ዝኽእል ቅልውላው ኣብ ም እላይ ( ምምሕዳር) ሓገዝ የድልየካ/ኪ ዶ

ናይ ቤት ትምህርትኻ/ኺ ኣምር ክትቅይር/ሪ ትደሊ/ልዩ ዶ?

ኣብ ቤት ትምህትርኻ/ኺ መርሕ ምቕባል ሓደሽቲ ስደተኛታትን ቆልዑን ብዝምልከት ሓገዝ የድልየካ/ኪ ዶ ?

